50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
ጎደና 12 ስቶን/Sutton
ኖርዝ ሜልቦርን

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ናይቲ መደብ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ንምድላው ንግስግስ ኣለና ማለት እዩ።

ናይ ሎሚ ምልክታ ኣብ ጐረባብትኻ ንዘሎ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታት ይጸልዎ ምስቶም ኣብዚ ህንጻታት እዚ ዝነብሩ ተቐማጦ ድማ ኣዘውቲርና ንራኸብ ኢና። **ኣብ ህንጻኻ ወይ ገዛኻ ኣይጸሉን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028 ምስዘም ስድራ ቤታት ዝያዳ ዝሓሸን ኣባይቲ እንዳ ኣዳለና ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ተቐማጦ እዚኣቶም ኣብ ጥቓኦም ናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምሕጋዝ ብሉጽ ሓደስቲ ኣባይቲ ድሮ ይካየድ ኣሎ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ:

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቃስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## ኣብ ከባቢኹም

ኣብ ጎደና 33 ኣልፍረድ/Alfred ዝርከቡ ሒደት ዝተረፉ ስድራቤታት ምግዓዞም ንኽውድኡ ንድግፎም ኣለና። ንሓደስቲ ኣባይትን ናይ ማሕበረሰብ መሳለጥያታትን ኣብ ምንዳፍ ናይ ተቐማጦ ሓሳብ እዉን ኣብ ግምት ነእቱ ኣሎና። እቲ ራእይ ሓደስቲ ኣባይቲ ኣብ ብግቡእ ዝተነድፉን ጽቡቕ ምትእስሳርን ዘለዎ ጎሮባብትን ብቕዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ንምህላው እዩ።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቕዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም። ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

ቅድሚ ጥሪ 2028 ዋላሓደ ተወሳኺ ዳግመ ምግዓዝ ሰማይ ጠቐስ ደርብታት ኣይጅመርን እዩ።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ቤትኩም ክፋል ናይዚ ሰማይ ጠቀስ ዳግመ ህንጻት፡ ኣይኰነን እንተኾነ ግን ኣብ ከባቢኻ ለውጢ ይግበር ከም ዘሎ ከተስተብህል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ናይቲ ፕሮጀክት ምስ ሓድሽ ሓበሬታታት ክንራኸብ ኢና።

ብተወሳኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026